ትካልና መስፍን ሓፂን መፂንን ኢንጂነሪንግ ሓላ ዝው ማሕበር ኣብ መቐለ ላጪ ሳይት Painting Shop ብቅሉዕ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጉንበት 29, 2018 (22 መዓልቲ ገይሩ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 15, 2018 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:160000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:400
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 15, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ምልክታ ጨረታ

ትካልና መስፍን ሓፂን መፂንን ኢንጂነሪንግ ሓላ ዝው ማሕበር ኣብ መቐለ ላጪ ሳይት Painting Shop ብቅሉዕ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ ብኮንስትራክሽን ስራሕቲ ካብ ደረጃ GC-5 ወይም ደረጃ BC-5 ልዕሊኡን ብቕዓት ዘለኩም ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዐቀኒታት ተማልኡ ተወዳዳርቲ ምስዚ ምልክታ ብዝተተሓሓዘ ክትሳተፉ ኩባንያና ይዕድም ::

ናይ ረታ ረቒሒ ን ኩነታትን

1. ናይዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2018 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቕርብ ዝኽእል::

2. ተረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቃድ፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቀት፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቐትን ተወሳኺ እሴት ታክስ ናይ ኮንስትራክሽን ፍቓድ (License) ናይ መወዳእታ ወርሒ ቫት ዝክፈልሉ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምትሕሓዝ ብር 400.00 (ብር ኣርባዕተ ሚኢቲ) ብምክፋል ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 06/06/2026-22/06/2026 ብኣቆፃፅራ ኣዉሮፓ ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ሰዓት መቐለ ኣብ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ዕደጋ መምርሒ ክወስዱ ይኽእሉ።

3. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ብምምላእ ኣብ ሕድሕድ እቲ ጨረታ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ክዓርፎ ብምግባር ሓደ ኦርጅናልን ክልተ ኮፒ ዋጋ ዝሓዘ ፋይናንሻል ሰነድ ከምኡ ድማ ሓደ ኦርጅናልን ክልተ ኮፒ ቴክኒካል ዶክመንት ብምድላው እዚ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 06/06/2026- 22/06/2026 ብኣቆፃፅራ ኣዉሮፓ ክሳብ ሰዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ነዚ ተብሂሉ ዝተዳለወ ሳፁን ክእትው ኣለዎም።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ሲፒኦ (CPO) ብር 160,000.00 (ብር ሚኢቲ ስሳን ሽሕ) ንበይኑ ብስምዒ ዝተኣሸገ ፖስታ ምስ ጨረታ ከእትው ይግባእ። ጥረ ገንዘብን ብፖስታ ዘይተዓሸገ CPO ከምኡ'ውን ካሊእ ዓይነት ጨረታ መኽበሪ ተቐባልነት የብሉን።

5. እዚ ጨረታ ሰዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኽፈት።

6. ተጫረቲ ናይዚ ስራሕ ናይ መዛዘምን መረከብን ግዜ ኣብ ውሽጢ 80 ተከታተልቲ መዓልቲ ዘርከብ ምኻኑን እቲ መዓልቲ ስራሕ ንምጅማር ዝኣትውሉን ስራሕ ወዲኦም ዝወፅሉ ግዜ ዘካትት እዩ።

7. ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ዋጋ ንዝፍጠር ናይ ድምር ስሕተት (Arithmetic error) ትካል ሓላፍነት ኣይወስድን። ኮይኑ ግን ናይ ድምር ስሕተት ኣብ ዘጋጥም ነፀላ ዋጋ ክውስድ ይግበር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው አይካኣልን። ከምኡ'ውን ተጫሪቶም ዝሳዓርዎ ስራሕ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ብሳብ ኮንትራክት ብሳልሳይ ወገን ምስራሕ ኣይካኣልን።

9. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ምዃኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይ ተጠቂሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከም ዝሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

10. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዓሮም ካብ ዝተነገሮም ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 2ተ መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ንጠቕላላ ዋጋ 10% ባንክ ዉሕስና (Unconditional bank Guarantee) ከትሕዙ ኣለዎም። እንተዘይኮኑ ግን ንረታ መኽበሪ ዘትሐዞዎ (CPO) ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወሰድ ።

11. ሰዓሪ ተጫራቲ ጨረታ ሲዒሮም ዉዕሊ ምስ ኣሰሩ በቲ ዉዕሊ ዝኣሰርዎ ናይ መረከቢ ግዘ እቲ ስራሕ ክርከቡ እንተዘይኪኢሎም እቲ ዘትሓዝዎ 10% ዉዕሊ መኽበሪ ጋራንቲ ናብ ትካል ኣታዊ ኮይኑ

ትካል ካልእ መማረፂ ይወስድ።

12. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

አድራሻ

ንዝበለፀ ሓበሬታ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ስልኪ ቁዕርታት ምጥያቅ ይካአል

ስልክ. 0914734116

ፋክስ. 0344406225

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle